**ኤሪትራዊ ጥርናፌ ንዲሞክራስን ንፍትሕን አብ የቶቦሪ**

*Svensk-Eritreansk organisation för demokrati och rättvisa i Göteborg*

# አብ የቶቦሪ ዝተጸውዔ ህዝባዊ ኣኼባ ብዓወት ተዛዚሙ::



ብሓልዮት ኤሪትራዊ ጥርናፌ ንዲሞክራስን ንፍትሕን አብ የቶቦሪ ዝተጸውዔ ህዝባዊ ኣኼባ ብዓወት ተዛዚሙ::



አብቲ ዝተጽውዔ ኣኼባ አቶ አማኒኤል ሳህለን አቶ ኻልድ ዓብዱ ብዛዕባ ኩነታት ስደተኛታት አብ ኢትዮጵያን ብዛዕባ ዝተኻየደ ዋዕላ ሰፊሕ ሓበሬታ ንዕዱማት ሂቦም::

አብቲ ቀዳማይ መደብ ብዛዕባ ጉዳይ ስደተኛታት ኮይኑ ምኽንያት መኸዲኦም ድሕሪ ምሕባር ኩሉ አብተን መዓስከራት ዝተዓዘብዎን ካብቶም ስደተኛታት ዝተቀበልዎ ለበዋታት ንህዝቢ ድሕሪ ምሕባር ናብ ሽወደን ምስተመለሱ ሰጋዕ ሕጂ ነቶም ስደተኛታት ንምሕጋዝ ዘካየድዎን የካይድዎ ዘለዉ ንጥፈታት ብዝርዝር ሓቢሮም::

ኤሪትራዊ ጥርናፈ ንዲሞክራስን ንፍትሕን
አብ የቶቦሪ

*Svensk-Eritreansk organisation för demokrati och rättvisa*
*i Göteborg*

አብቲ ካልኣይ መደብ ኣኼባ ብዛዕባ ዋዕላ ኾይኑ ንዋዕላ ንምክፋል ዓሰርተ መዓልቲ ኣቀዲሞም ናብቲ ቦታ ከምዝከዱ ድሕሪ ምግላጽ ካብ እታ ዝአተዉላ መዓልቲ ስጋዕ እታ መጨረሽታ መዓልቲ ኩሉ ከመይ ከምዝነበረ ብዝርዝር ንኣኼበኛታት ድሕሪ ምሕባር ናብቲ ሳልሳይን ዝዓበየን መደብ ብምሕላፍ ካብ ዑዱማት ዘቀረበሎም ሕቶታት ብዘዕግብ ድሕሪ ምምላስ ካብ ዕዱማትን ካብ አቶ አማኒኤል ሳህለን አቶ ኻልድ ዓብዱ ዝተዋህቡ ለበዋታት ብምስማዕ እቲ ኣኼባ ተዛዚሙ::



በዚ ኣጋጣሚ ኤሪትራዊ ጥርናፈ ንዲሞክራስን ንፍትሕን አብ የቶቦሪ ንአቶ አማኒኤል ሳህለን ንአቶ ኻልድ ዓብዱ አብ ከተማና ብምምጻእ ንህዝቢ ሓበሬታ ብምሃቦም እንዳሞጎሰ ንመጻኢ እውን ኤሪትራዊ ጥርናፈ ንዲሞክራስን ንፍትሕን አብ የቶቦሪ ኣገደስቲ ሰባት እንዳዓደም ምስ ህዝቢ ከራኽብ ሙኻኑ ደጊምና ንኹሉ ኤሪትራዊ ተቀማጢ ጎተንበርግ ኽንሕብር ንፈቱ::



ምስ ብዙሕ ሰላምታ
መስከረም 5 2010

ኤሪትራዊ ጥርናፈ ንዲሞክራስን ንፍትሕን አብ የቶቦሪ